# ሓበሬታ ንጉዳይካ ኣብ መስርሕ ውዕል ደብሊን ዘሎ

## ጉዳየይ ንመስርሕ ውዕል ደብሊን ዝምልከት ድዩ፧

ኣብ ሓንቲ ካብተን ኤውሮጳውያን ሃገራት ኣብ ውዕል ምትሕብባር ደብሊን ዘለዋ ምስ ጸናሕካ እቲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነትካ ኣብ መስርሕ ውዕል ደብሊን`ዩ ዝኣቱ። በዚ መሰረት ድማ ወይ ከም ሓታቲ ዑቕባ ኣብ እትምዝገበሉ እዋን ወይ ከኣ ድሒሩ ብደብዳበ ብኣና ይሕበረካ`ዩ።

## ጉዳየይ ሕቶ ዑቕባነተይ ኣየነይቲ ሃገር ከም እትተሓሓዞ መዓስ እየ ክፈልጦ ዝኽእል፧

እንተድኣ ጉዳይካ ንመስርሕ ውዕል ደብሊን ዝምልከት ኰይኑ፡ ንጉዳይካ ክትርእዮ ዝምልከታ ሃገር ንምውሳን ክሳብ ኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኸውን ግዜ ክወስደልና እዩ። ኣብ ገሊኡ ጉዳያት ግና ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ክወስደልና ይኽእል`ዩ።

## ኣበይ`የ ክቕመጥ፧

እንተድኣ ጉዳይካ ንመስርሕ ውዕል ደብሊን ዝምልከት ኰይኑ፡ ከም ኣብ መብዛሕቲኡ ኣጋጣሚታት ኣብ መሰጋገሪ መዓስከር ኢኻ ክትቕመጥ። እንተድኣ ናብ ስሩዕ መዓስከር ግዒዝካ ኸኣ፡ እታ ንጉዳይካ እትሕተተሉ ሃገር ኣየነይቲ ከም ምዃና ንምርካብ ግድን ዝያዳ ግዜ ክንጥቀም ስለ ዘለና`ዩ።

Info om ventetid for i Dublin prosedyren, mai 2017

**ጸሓፊ ኣካል፡**

ኣሃዱ ደብሊን ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI): ግምቦት 2017